# 1 ናይ መጻረዪ ቃለ-መሕተት

"ንእሽቶይ ቃለ-መሕተት"

UK

እቲ ናይ መጻረዪ ቃለ-መሕተት ኣብ ቀረባ ጊዜ ናብ ዓባይ-ብሪጣንያ ድሕሪ ምእታውካ ዝካየድ እዩ :: ሓደሓደ ጊዜ ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ዝኣተኻሉ እዩ ::ክትደክምን ክትጭነቕን ትኽእል ኢኻ :: መብዛሕትኦም ሰባት ንጠበቓ ክዛረቡ ዕድል የብሎምን :: ተዳሎ::

እቲ ቃለ-መጠይቕ ኣይቅረጽን እዩ :: ምናልባት ውን ብተሌፎን ይኸውን ተርጓሚ ብተሌፎን ኣብ ዝተረኸበሉ :: ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ብዝሓጸረን; ብዝቐለለን; ንጹር ዝኾነን ምሉእ-ሓሳባት ምዝራብ (ናይ ዓባይ- ብርጣንያ ቃለ-መጠይቕ ሓታቲ ንኹሉ ዝተዛረብካዮ ከይጽሕፎ ይኽእል እዩ) :: ኣብቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ጥበቕ; ኣብ ዝቕጽል ናይ ዑቁባ ቃለ-መጠይቕካ (እቲ ዓቢ ቃለ-መጠይቕ ) ኣድቒቕካ ሓበሬታ ክትህብ ትኽእል ኢኻ ::

---

**ኣተርጓሚን ቋንቋን**

ክርድኣካ እንተዘይኪእሉ ነቲ ተርጓሚ ክትነግሮ ይግባእ ::
መሰል ኣለካ ተርጓሚ ናይ ምህላው በቲ ንስኻ ዝመረጽካዮ ቋንቋ ንዓኻ ብዝነጸረልካ ክትርጉመልካ::ንኣብነት ንስኻ ትዛረቦ ሶራኒ; እንግሊዝን; ዓረብን እንተኾይኑ; በየናይ ቋንቋ ክትዛረብ ትደሊ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ ::

---

**ኣስማት**

ምሉእ ስምካን ናይ ኩሎም ስድራቤትካን ሃብ እንተድኣ ምሳኻ ክጽንበሩካ ትደሊ ኮንካ::

---

**ዕለት-ልደት**

ዕለተ ልደትካ ኣይትገምት - እዚ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ::
እንተድኣ እቲ ልክዕ ዕለት ዘይትፈልጦ ኮንካ ; ብኸመይ ዕድሜኻ ከምትፈልጦ ግለጽ ::

---

**ትሕቲ ዕድመ**
(ትሕቲ 18)

እንተድኣ ትሕቲ 18 ኮንካ ብዝተኻእለ መጠን ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ዕድሜኻን ስለምንታይ ርግጸኛ ምኳንካን ግለጽ ንኣብነት ካብ ሃገረይ ብቐጥታ ድሕሪ ረሞዳን ወጺአ ክወጽእ ከለኹ 15 ኔረ ስለዚ ሕጂ 16 ኣለኹ :: እንተድኣ ሆም ኦፊስ ትሕቲ 18 ምኳንካ ዘይተቀበሉኻ ናብ ሆቴል ክወስዱኻ ይኽእሉ እዮም ምስ ልዕሊ ዕድመ ወይ ድማ ናብ ማእሰርቲ :: እንተድኣ ናብ ሆቴል ኬድካ ምስ ልዕሊ ዕድመ ; ነቶም ሰራሕተኛታት ናይ ሆቴል ዕድሜኻ ንገሮም ; ዶክተር ክትርኢ ሕተት, ንዝረከብካዮ ሰብ ሰራሕተኛ ናይ ውድባት ንገር; ጠበቃ ዝሕግዘካ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ :: እንተ ተኣሲርካ; ዕድሜኻ ብቕልጡፍ ነቶም ናይሕክምና ሰራሕተኛታትን ንዝኾነ ርክብ ዘለካ ሰብን ንገር ክሳብ ትወጽእ (ነጻ ትወጽእ )::

---

**መንበሪ ገዛ የድልየካ ድዩ**

ኣብ መንበሪ ዑቑበኛታት ክትጸንሕ ሕተት ; ርግጸኛ እንተዘይኮንካ ምስ ኣዕርኹትኻን/ኣዝማድካን ክትጸንሕ ከምትኽእል :: ብጣዕሚ ኣሸጋሪ እዩ መንበሪ ክትረክብ ሓንሳብ ኣብ መጀመርያ እንነጺግካዮ::

---

**ኣካላውን ኣእምራውን ጥዕና**

ነቲ ቓለ-መጠይቕ ክትገብ ከለኻ ጽቡቕ እንተዘይተሰሚዑካ; ኣብ መጀመርታ ናይቲ ቃለ-መጠይቕ ንገር ::
ኣብ ጊዜ ቃለ-መጠይቕ; ነቲ ቃለ -መጠይቕ ሓታቲ ዝኾነ ናይ ጥዕና ጸገም እንተለካ ንገሮ ::

ብዙሕ ትሓስብ ዲኻ ? ትጭነቕ ዲኻ? ናይ ድቃስ ጸገም ኣለካ ድዩ ወይ ናይ ለይቲ ምብህራር ኣለካ ድዩ ? ሓንሳእ-ሓንሳእ ሕርቃን ወይ ሓዘን ይስመዓካ ድዩ ? ምስ ካልእ ሰብ ክትሕወስ የሸግረካ ድዩ? እዚኣቶም ምልክታት ናይ ድኹም ስነ-ኣእምሮ ጥዕና እዮም :: ነቲ ቃለ-መጠይቕ ሓታቲ ንገሮ ::

ድሕሪ ቃለ-መጠይቕካ ; ክንክን ጥዕና ክትሓትት ኣብ ጠቕላሊ መደበር ጥዕና(ጂፒ) ብዝቐልጠፈ ተመዝገብ::
እንተተኣሲርካ ; ብዝቐልጠፈ ናብ ማእከል ጥዕና ኪድ ጸገማት ጥዕናኻ ድማ ሓብሮም ኣብ መዝገብ ክ ምዝገብ ምእንቲ ::

**ታሪክካ ኣብ ማእሰርቲ**

ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኣቲኻ'ዶ ትፈልጥ ሕማቕ ኣተታሕዛ'ዶ ኣጋጢሙካ ? ኣብ ገዛእ ሃገርካ ወይ ኣብ መገዲ ክኸውን ይኽእል እዩ:: **ነቲ ቃለ-መጠይቅ ሓታቲ ንገሮ ::** ዝኾነ ስቃይ ብመንግስትኻ ወይ ብኻልኦት ኣካላት ወይ ሰብ እንተወሪዱካ ክትነግሮ ኣለካ ::

**ጉዕዞኻ ናብ ዓዲ-እንግሊዝ**

ኩለን ዝሓለፍካየን ሃገራትን ክትገልጽ , ክትሕተት ኢኻ; ብተወሳኺ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝኾነ ዑቑባ ዝሓተትካዮን ዝተቀበሉኻን ግለጽ :: እዚ እንተዘይተጋሊጹ'ዋ ድሒሩ እንተተፈሊጡ ; ጉዳይካ ክጎድኦ ይኽእል እዩ ::

እንተሓቲቶምኻ ስለምንታይ ዕቑባ ዘይሓተትካ ኣብ ካልእ ሃገር ; ክትገልጽ ትኽእል ኢኻ እንድሕር ኣኽእሎ ናይ ዑቑባ ምሕታት መስርሕ እንተዘይነበረካ ወይ ስለምንታይ ውሕስነት ዘይተሰምዓካ ኣብኡ ክትጸንሕ ::

**ስለምንታይ ናብ ዓዲ-እንግሊዝ መጺኻ?**

እዚ ምስተሓተትካ, ከምዚ በል : **"ዑቕባ ክሓትት"**
እዚ ጥራይ, ካልእ ምኽንያት ኣይትበል::

**ኣሕጽር ኣቢልካ ስለምንታይ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ከምዘይትኽእል ግለጽ**

ኣሕጺርካ ጽማቑ ሃብ :

- እንታይ ኣጋጢሙካ ንዓኻ ኣብ ሕሉፍ – ስለምንታይ ሃገርካ ሓዲግካ?
- እንተ ተኣሲርካ ወይ ግፍዒ እንተወሪዱካ; ከምኡ በል ::
- ስለምንታይ እቲ ነገራት ኣጋጢሙ ውን ምኽንያቱ ግለጽ:: ብምኽንያት ዓሌትካ ድዩ? ; ብሃይማኖትካ ወይ ብናይ ፖለቲካዊ ርእይቶኻ? ኣባል ናይ ፍሉይ ማሕበራዊ ጉጅለ ወይ ብሄር ዲኻ? ብ LGBTQ+ ዲኻ ትልለ ?
- ንዓኻ እንታይ እዩ ዘጋጥመካ  ናብ ሃገርካ እንተተመሊስካ?

**ንግዲ ሰባት**

እቲ ቃለ-መጠይቅ ሓታቲ ክርዳእ ክፍትን እዩ እንድሕር ግዳይ ናይ ንግዲ-ሰባት ኮንካ :: እዚ ማለት ተገዲድካ ናብ ዘይትደልዮ ቦታ ኬድካ'ዶ ትፈልጥ?  ተገዲድካ'ዶ ትፈልጥ ንክትሰርሕ ምናልባት ብዘይክፍሊት እንኮላይ ተገዲድካ ሓሺሽ ክትሸይጥ;   ተገዲድካ'ዶ ትፈልጥ ምስኾነ ሰብ ጾታዊ -ርክብ ክትፍጽም; ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ቦታ ሒዝካ'ዶ ይፈልጥ ክትወጽእ ውን ኣይተፈቕደልካን?እዚ ዝተኣሳሰር እዩ ዋላ ኣብ ሃገርካ ወይ ከኣ ኣብ ጉዕዞኻ የጋጥም (ንኣብነት ሊብያ)

**ፍትሒ ንምርካብ**

መብዛሕቲኡ እዋን ምስ ጠበቃ ምዝራብ ግዜ የብልካን ቅድሚ እዚ ቃለ-መጠይቅ ምግባርካ ; እዚ ክትብል ትኽእል ኢኻ

**ኣገዳሲ ሓበሬታ**

ናትካ መልስታትካ ኣብቲ ቃለ-መጠይቅ ዘይቃያየር ክኸውን ኣለዎ  ምስ ኣብ ዝቕጽል ቃለ-መጠይቅ::

**ኣብ ግዜ ቃለ-መጠይቅ**

ንዝተሓተትካዮ ሕቶታት ትኩር ኣስተውዕሎ ግበረሎም ::  ዋላኳ ቀለልትን ንጹራትን እንተመሰሉ, ናትካ **መልስታትካ ክምዝገቡ እዮምን** ብጣዕሚ ውን ኣገደስቲ እዮም:: መንግስቲ ዓዲ እንግሊዝ ነቲ እትህቦ ሓበሬታ ምስ ኣብ ካልእ ቃለ-መጠይቃትን መግለጺታትን(ሕሉፍ ወይ ናይ መጻኢ )ዝሃብካዮ **ሓበሬታ ከወዳድሮ እዩ::**

**ድሕሪ ቃለ-መጠይቅ**

ኣብ ጊዜ ቃለ-መጠይቅ እቲ ናይ መንግስቲ ዓዲ እንግሊዝ ቃለ-መጠይቅ ሓታቲ ንእትብሎ **ክጽሕፎ እዩ::**

- ናይዚ መጻረዪ  ቃለ-መሕተት **ቅዳሕ መዝገብ** ክትሓትት ኣለካ ::
- እንተኺእልካ መልስታትትካ ደጊምካ **ልክዕነቶም** if ኣረጋግጽ::
- **ንጠበቓኻ ሃቦ** ምሳኻ ኮይኑ ውን ከረጋግጾ ሕተት. ጌጋታት እንተ ኣልዩ, ንሆም ኦፊስ ንገር ::